ዝኸበርኩም ኣስናዲት ሽማግለ ኢዮቤልያዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ካሰል
ዝኸበርኩም ኣባላት ግንባር ሃገርዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝኸበርኩም ኣባላት ኤርትርዊ ዲሞክርስያዊ ኪዳን ኤርትራ
ዝኸበርኩም ኣባላት ተሰተፍቲ ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ሲቪካውያን ማሕበራትን
ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ዕዱማትን ኣጋይሽን ፌስቲቫል ኤርትራ

ንሕና ኣባላት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፣ ኣዳለውቲ መርበብ ሓበሬታ ደሞክራሲያ ንዝተገብርልና ዕድመ እናመስገንና፣ ኣብ'ዚ ንመበል 25 ግዜኡ ዝብዕል ዘሎ ፌስቲቫል ኤርትራ ካሰል፣ ምስ ኣብ'ዚ ተጋቢኡ ዘሎ ህዝቢ ሓቢርና ክንውዕል ንዝተገብረልና ዕድመ ምስጋናና ወሰን የብሉን።

ፌስቲቫል ኤርትራ፣ ሎሚ ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝበለ ኲነታት ይካየድ ከምዘሎ ንኲላትና ብሩህ እዩ። ኣገዳሲ ናይ'ዚ እዋን'ዚ፣ መዘውር ነጥቢ ደምበ ተቓውሞ፣ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክርስያዊ ለውጢ ኣብ ዝጋብኣሉ ዕለት እዩ፣ ፌስቲቫል ኤርትራ ዝውዕል ዘሎ። ከም እታ ሓንትን እንኮን፣ ኲላትና ዘይንፈላለየላ፣ ኣብ ደምበ ተቓውሞን ሲቪካውያን ማሕበራትን፣ ክሳብ ሕጂ ተግባራዊ መልሲ ክንረኽበላ ዘይከኣልና ዝነበርና፣ እታ እንታይ ንግበር ትብል ሕቶ'ውን፣ ሎሚ መልሲ ጩራ ዓውትና ንርኢ ኣሎና። ከም ዝዝከር ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ፌስቲቫል ካስል፣ ንሃገራዊ ዋዕላ ብዝምልከት ክትዓትን መጽናዕትን ዝተኻየደሉ መድርኽ'ውን ነይሩ እዩ።

ፌስቲቫል ኤርትራ፣ ኣብ ዝተፍላለየ እዋናትን መድረኽን፣ ንጉዳይ ኣህዛብ ኤርትራን፣ ሃገርናን ዝጠቕሙ ኣገደስትን እዋናውን ዝኾኑ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮታትን ዓውደ መጽናዕትን ከተስተናግድ ዝጸንሐት፣ ከም ቀትሪ ጸሓይ ዘይከሐድ ሓቂን ስኑድ ታሪኽን እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ታሪኽ ፌስቲቫል ኤርትራ፣ ኣብ'ዚ ኢዮብልዩ ፌስቲቫል'ዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ናይ ቃልሲ ሕልናና ኣይፈቅደልናን እዩ።

ንዝተገብረልና ዕድመ፣ ንፌስቲቫል ኤርትርን ኣዳለውቱን እናመስገና ካብ'ዚ በዓል ዝፍጸመሉ ዘሎ ኣዳራሽ፣ ንኹላትና ዝሕግዝንን ንሸውሃት ቃልስና ዝበራብርን ዓወት ዘጓናጽፉና ክትዓት ፈጺሙ ክወጽእ ድልየትናን ትምኒትናን እዩ። ብወገና ነዚ ንምዕዋት ከም ወትሩ ኣብ ጎድኑኹም ከም ዘለና ከነረጋግጸልኩም ንፈቱ።

ዓወት ንቃልሲ ኣህዛብ ኤርትራ
ዓወት ንሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክርሲያዊ ለውጢ
ዓወት ንኢዮበሊያዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ካሰል

ኣዳለውቲ መርበብ ሓበሬታ ደሞክራሲያ.ኦርግ 31-07-2010